*<u>መምሃርን ኣይግበርካ፡ መምሃርን ኣይኸላእካ።</u>*

*ዓለም በዳልን ተበዳልን ዘይብላ እንተትኸውን ኔይራ ክንደይ ኮን ምጠዓመት። ወይ ውን ሩኹብ ንሱኡን ዘታቲ እንተዝኸውን ህውከት ጠፊኡ ሰላም ምዓሰላ። ግን ኮምኡ ኣይኾነትን። ኮምኡ ስለ ዘይኮነት ድማ እቲ ሃብታም ወይ ሓያል ነቲ ድኻ ወይ ድኹም መሊሉ ከድክዮን ከድክሞን፡ ናቱ ግዙእ ክገብሮን ይፍትን። ያእ ኣይፋለይ ንዝበለ ድማ በቲ ዓቢ ዱሉኡ ጌሩ ከምዘይ ትስእ ይድስቖ። ነቲ ምድሳቖ ተቐቢሉ ኣሜን ዝበለ ግዙእ ኮይኑ ይነብር። እቲ እናተደሰቖ ዓቕልን ብልሓትን ዝገበረ ግን ስኑ ነኺሱ ሓንቲ መዓልቲ ኣላ ዝዕወተላ ኢሉ ቃልሱ የሕንን ናብ ዓወት ድማ ይበጽሕ። ብዙሓት ኣብነታት ከነምጽእ ንኽእል።*

*ተደሲቖን ስቓ ዝበላ እሞ መራሕተን እንትርፎ ንኸቦዶም ንህዝቦም ዘይሓስቡ ናይ ሓያላን ጉዙኣት ኮይነን ኣብ ጫፍ ድኽነት ዝነብ ከምዘን መብዛሕትኤን ሃገራት ኣፍሪቃ ተረሚሰን ዝለዋ ከኾና ከለዋ። እተን ንኹሉ ተጻዊረን ስነን ነኺሰን ዝተቓለሳ ከም በዓል ቬትናም፡ ኩባ፡ ቻይና፡ ኤርትራ፡ .... ወዘተ ድማ ነቲ ዝስገር ዘይመስል ሰጊረን፡ ዓውተን ጨቢጠን ህዝበን ካብ ሕሱም ባርነት ኣገላጊለን ብሓበን ይነብራ።*

*እንተኾነ ግን ሓሳድ ኩሉ ግዜ ሓሳድ ስለ ዝኾነ ነዚ ናትናን ከማና ዝኣመሰላ ሃገራት ረኺበንኦ ዘለዋ ሰላም ዓይኖም ደም ስለ ዝመልኣም ካብ ምዝራጉ ምፍታን ዓዲ ኣይውዕሉን እዮም። ኩሉ ናይ ክፍኣት ሜላታቶም ምስ ጸንፈፉ ብሃይማኖት እዮም ዝመጹ። ከምዚ ንዓና ኣቕሺሸቲ ኣስዲያም (ሰሪያም) ኣብ መንጎ ህዝብናን መንግስትናን ሃይማኖታትናን ሕንፍሽፍሽ ከእትዉ ዝፍትንዎ ዘለዉ፡ እንተሰለጦም ካብ ናጽነት ናብ ባርነት ክመልሱና፡ እንተ ዘይኮይኑ ግን ብሱዉር መግዛእቲ ከመሓዱሩና ሃጸፍጸፍ ክብሉ ንርእዮም ኣሎና።*

*ህዝብና ኣስላማዩ ይኹን ክርስትያኑ ብባህሉን ሃይማኖቱን ሕውነቱን ጽኑዕ ስለ ዝኾነ፡ መእተዊ ነቓዕ ስለ ዝሰኣኑሉ መንግስቲ ኤርትራ ጸረ ሃይማኖት እዩ፡ ህዝቢ ኤርትራ መሰል ሃይማኖቱ ተነፊጉዎ፡ ወዘተ ... እናበሉ ንኡሒላታትን ሃይማኖትና ተነፊጉና በሃልትን ኣብ ትሕቲኡ ኣእትዩ ከም ደገሰላም ንሱኹም ንበሩ (ኣሜርካ ትንበር) እናበሉ ኣብ ክንዲ ንነብሶም ሕሰመይ ቀንጥጠለይ ዝብሉ ሕሰም ኣሜሪካ ክቕንጠጥ ክጽልዩ ይነብሩ ኣለዉ። ኣሜሪካ ከኣ ኣሸንኳይዶ ባዕልኻ ተማሪኽካላስ ባሕሪ ሰጊራ ንዘይእዘዙዋ መራሕቲ ሃገራት እናቕንጸለት፡ ኣህዛብ ብጅምላ እናደብደበት፡ ዓድታት እናዕነወት፡ ናይ ድኻታት ሃብቲ እናጋሓጠት ትነብር ሃገር እያ። ከምቲ ኣቦታትና ዝምስልዎ " ቁሪ ኣበይ ደሊኻ እንተበሉዎስ ኣብቶም ሃብታማት፡ እሂ እዞም ድኻታት'ከ ንሶምስ ቱሑዛት እዮም" ኢሉ ዝበሉዎ፡ ነዞም ሎሙሳት መጋበርያ ጌሩ ቅልጽም ሓፋስ ዘርዕድ መስሉዎ። መንግስቲ ኣሜርካ ከም በዓል ሑሴን ሙባረኽ ዝኸደመሎም ኣይነበረን። ኣብታ ሕማቕ ግዜ ግን ከዲያሞ። (use and throw:)*

*ከም መንግስቲ ኤርትራ ንሃይማኖት ዘኽብርን ዝሕለቕን የለን። መንግስቲ ኤርትራ ንመሰል ሃይማኖታት ስለ ዘኽብርን ዝኣምንን እዩ ኣብ መላዕ ዓለም ሓንት ካብተን ውሑዳት ሃገራት ሃይማኖታዊ ጎንጺ ዘይብላ ሃገር ኤርትራ እያ። <u>በጻሕታ ደሴት ሰላም ኢሎም ሰምዮማ። ኣብ ምድረ በዳ ዝቦቘለት ስየ ተባሂላ</u>። ንሕና ኤርትራውያን ናይ ጸሎትን ስራሕን ግዜ ፈላሊና ንፈልጦ። ኣብ ግዜ ጸሎት ንጸሊ፡ ኣብ ግዜ ስራሕ ንሰርሕ። ንስለ እምሰለለይ ቤት መቕደስ ኣይንኸይድንን ኢና። ኣምላኽ ሰሪሕኩም ብረሓኩም ድኣምበር ለሚንኩም ብልዑ ኣይበለን። ሓቲ ቢሂል ከዕልለኩም፣*

*“”ሓደ ግዜ ክልተ ኣሕዋት ጠባዮም ከም ሰማይን ምድርን ዝተረሓሓቐ ኣብ ሓደ ዓዲ ይነብሩ ነበሩ። እቲ ሓደ ኣዝዩ ሃብታም ብዙሓት ጥሪት ዝነበርኦ፡ መብዛሕቲኡ ግዜኡ ምስኤን ዘሕልፎ ጽቡቐ ጌሩ ዝናብየን ሰብ ዘዛረበ ሃብታም ነበረ። ብሃይማኖቱ’ውን ምስጉን ሰንበትን ግዜ በዓላትን ካብ ቤተክርስትያን ኣቋሪጹ ዘይፈልጥ። እቲ ካልኣይ ድማ ድኻ በተኽ ሓንቲ ዘይብሉ፡ ኣይሰርሕ ኣይሓርስ ፡ ኣይጓሲ፡ ብምልማን ዝነብር፡ ለይትን መዓልትን ኣብ ቤተ ክርስትያን ክጸሊ ዝመላለስ።*

*ሓደ ንጉሆ እቲ በዓል ከብቲ ከም ልማዱ ጥሪቱ ሒዙ መሬት ከይወግሔ ኣላዳ ሳዕሪ ከብልዔን ካብቲ ደንበ ርሕቐ ኢሉ ወፈረ። እቲ ድኻ በተኽ ድማ ከም ልማዱ ኣንጊሁ ናብ ቤተ ክርስትያኑ ከደ። ካልኦ ሰባት ንዑኡ ዝመስሉ’ውን ብድሕሪኡ ኣብኡ መጹ። ስሙ እናጠቐሱ ሓደርካ እገለ፡ ሓደርካባ በሉዎ ደጋጊሞም። ኣይመለሰን። ቅርብ ኢሎም እንተረኣዮዎስ ዓሪፉ (ሞይቱ) ድኣ ረኺቡዎ። ጉህዮም በሉ ንዑናይ ንሓዉ ነርድኣዮ ተበሃሂሎም ናብቲ ሃብታም ሓዉ ከዱ። ኣብ ስግር ማዕዶ ኮይኖም ብስሙ እናጸውዑ ናዓስከ ቅረበና በሉዎ። ንሱ ግን ድሓንዲኹም ለይቲ ምድሪ ትጽዉዑኒ በሎም። ድሓን ኢን ንዓ ድኣ ቅረበና በሉዎ። ንሱ ግን ሰብ ድሓን እንተ ኾንኩምስ ከብተይ ሒዘ ምስ ተመለስኩ ክረኽበኹም ኢሉ ኣቕበጾም። ምዮ መልሱ ዘሕረቐም ሰባት በል ካብ ዘይትቐርበናስ ሓውካ ኣብዚ ቤተ-ክርስትያን ዓሪፉ (ሞይቱ) ጸኒሑ በሉዎ። እይይ ኢንታይ ትብሉ፡ ኣብዚሒዎ እንድዩ። ኣምላኽ ድኣ ናይ ዝሞቱ ሰባት ኣስማት እናጠቐሰ ኣሸንኳዶ ኣብገዝኡ መጺእካ ውሰደኒ ኢልካ ለሚንካዮስ ኣብ ገዛኻ ከሎኻ እኺ ዘይገድፍ። ወደያ እገለ ኣብ ገዝኡ ከሎ እድዩ ዝወሰዶ። ሓወይ ከኣ ኣብዚሑዎ እንድዩ። ነቲ ኣምላኽ ብረሃጽካ ብላዕ ዝበሎ ገዲፉ ካልኦት ዝረሃጹሉ ለለሚኑ እናበልዔ እዚኳ ነዊሕ ተዓጊሱዎ እንበር ቀደም ክወስዶ ኣንድዩ ዝግብኦ ኢሉዎም ይበሃል”።*

*እኳ ከኣ ኑቶም ምስ ወያነ ይኹን መንግስቲ ኣሜሪካ ሃገርን ህዝብን ጠሊምኩም ብስም ሃይማኖት እባ፡ ብስም መንእሰያት፡ ብስም ሰራዊት ኤርትራ ባርያ (slave) እዩ እናበልኩም እንጀራ ልማኖ ትቕበሉ ዘሎኹም እዛ ኣብነት ናይዞም ክልተ ኣሕዋት ጽቡቕ ጌራ ከተብርሃልኩም ስለ ትኽእል፣ ዘይናትካ ኣይናትካን እዩ እሞ፣ ትኳቦኹም እናበላዕኩምእ ኣፍኩም ሒዝኩም ትም በሉ። ንስኻትኩም ተፍርሱዎ ዳንበር ትነድቅዎ ነገር ስለ ዘየለ፣ ክሳብ ዓሰብትኹም ዝጉሕፉኹም መዓልትኹም ተጸበዩ።*
*(ሎሚ ኩሉ ሃገር ትሃሉ)*

[https://www.youtube.com/watch?v=vegtL1rewQ0](https://www.youtube.com/watch?v=vegtL1rewQ0)

*ዘልኣለማዊ ዝክሪ ንሰማእታትና*
*ዓወት ንሓፋሽ*
*ገብረንጉስ መስመር።*
*09/09/2017*